# ሱቕ'ባ ኣይንበል

-------------------------------
-------------------------------

ተዓንቂፉ ሓወይ እንተዘይ ኢልና
ከይጽልምቶ ብኣሰሩ ምስ ጥዋፍና እንተዘይኬድና
እንተተገድዐ ......... ንሱኮ'ዩ ስጋና
እንተወደቐውን ዘይጎድንናዩ ቓንዝኡዩ ንዓና
ሱቕ ኣይንበል ንኹን ከም ቀደምና

በሉስ'ከ መን'ዩ ክሓተሉ
ነቲ ኣብ ጎዳጉዲ ዘሎ መን'ዩ ክዘርየሉ

ንእስነቱ መፍቶ ረብሓኦም ጌሮሞ
ኪኖ ማሓውሩ በእምርኡ ሒዞሞ

ሱቕ ኣይንበል ሓው መን ዲዩ ንሱ
እቲ ብማእሰርቲ ንርእዮ ለሚሱ
እቲ ብፎቐዶ ማሕዩር ሓንጎሉ ፎኺሱ

እቲ'ውን መምሃሪ ክኸውን ብጥይት ሓሪሩ
ኮይኑዎ ድዩ ተረሲዑ ብምስጢር ተቐቢሩ

ስቕ ኣይንበል መንዩ ክሓተሉ
ይደሀዩ ዘሎ ቲ'መንፈሱ ባዕሉ

ወረ......... መንዩ በይኑሉ ክርገጽ?
ጊላ ኾይኑ ቤቶም ክሃንጽ?

እንቅዐ እናረሃጸ ስድሩኡ ብጥሙዩም
ሕልናኦም እንተገበሮስ ሕልናና ዲዩ ክጋንዩም?

መዓስ ደቆም ዳኣ ኣራንሺ ስኢኖም
ድቁስ እባ ኻኣ ባኒዩ ዘሀርሮም

ሱቕ ኣይንበል መንዩ ክሓተሉ
ይኸውንዩ ዘሎ መፍቶ ተኾላሉ

ርሓ ኢዱ ከም ማይ ንግሆ
ትዕቢት ብሳላና ንንጽህንኡ ክማስሑ

ይመዉትዩ ዘሎ መንስድራ መንነ መሬት
ገለ እንተራሃዎ`ቲ ናይ ህዝቡ ድሌት

ማዓስ በልዩ ንሱ፡ ጭልጭል ዝብል በጽሒ
መህተፎ ኣብ ካልኢት ንናይ ህግደፍ ሽርሒ

ግን ..............................................................
ይዕቅል ኣሎ እንቅዓ፡ ድፍድፍ ክሳብ ዓንቀር
ኣብ ጻት የጸብቆ ከይተውሸሖ ይስተር

ኣሎና ንበሎ ኣብ ድኻም ክብርትዕ
ጡፍ ኢልካ ንጭሕምኻ ቅድሚ ጡፍ ክረትዕ

ኣሚናዳብ ገብረዮውሃንስ
Aminadab2008@yahoo.com
07-12-09
ስዊዘርላንድ